# ናይ ሓጎስ መልእኽቲ

ኣበው ኣቦታትና ክምስሉ ንዝገበረልካ ወይ ግበረሉ ወይከኣ ንገረሉ ኢዩ`ሞ ናይ ስደተኛታት ኣብያተ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ከሰላ ዕውት ድርብ በዓል ኣካይደን ዝብል ጽሑፍን ስዕልታቱን ምስ ረኣኹ ዝተሰምዓኒ ሓጎስን ደስታን ደረት ኣይተረኸቦን። እቲ ምንታይሲ እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ሀ ኢሉ ክጅምር እንከሎ ሽው ጊዜ ብኣካል ምስ ብጸይተይ/በዓልቲ ቃል ኪዳነይ ኣብ ከሰላ ስለ ዝነበርኩ። ቃል ኪዳንና ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ዓሰርተ ብ 1977 ዓ.ም.ፈ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ከሰላ ብኣባ ሓይልኣብ ኪዳነማርያም ብጾትና ስውእ ኣብርሃም ተኸለ፡ ሕያውያን መሓመድ ብርሃን ብላታን ግርማይ ጠበቓን ወ/ሮ ሶፍያን ስነ ጥበባዊ ወዲ ገብሩን፡ ከምኡ`ውን ብዙሓት ካልኦት ብጾትና ዝተረኸቡሉ ኢና ብዓጀባ ኣሲርናን።ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ብዓልቲ ቤተይ ንቦኽሪ ጓልና ልዋም ጥንስቲ ስለዝኾነት ኣብዚ ቤት ትምህርቲ እዚ መምህር ተቆጺራ ኣገልገለት። እምበኣር እዚ ተርእዮ እዚ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽ ሕይወተይ ርእሱ ዝኸኣለ ምዕራፍ ስለዝሓዘ ክርስዖ ዘይከኣል ኢዩ። እወ ብሓቂ ነዚ ቤት ትምህርቲ መንግሥተ ሰማያት የዋርሶም ኣቦና ነፍሲኄር ኣባ ማሪኖ ብማኅበሮም ኣቢሎም ብዙሕ ከምዝሓገዙን ከምዝጸዓሩን ሓደ ክፋል ታሪኾም ከምዝኾነ ዘየማትእ ኢዩ። ኮይኑ ግን ነቲ ሓሳብ መንቀሊኡን ብተግባር ተርጓሚኡን ላዕልን ታሕትን ኢሎም ዝተቓለሱሉ ሎሚ ብዕለት 19.03.2017 ዓ.ም.ፈ ወርቃዊ ኢዮቤል መበል ሓምሳ ዓመት ክህነት ኣብ ሚላኖ /ዓዲ ጥልያን ዘኽበሩ ኣባ ሓይለኣብ ኪዳነማርያምን ብጾቶም ኣባ ሬናተን ነፍሰኄር ኣባ ተስፋዝግን ምስ ኣርባዕተ ደናግሎም ኢዮም። ዝጸዓሩሉን ዝደኸሙሉን ክፋል ግደ ታሪኾም ስለዝኾነ ከኣ ኣብዚ ዝቐረበ ጽሑፍ ብውሑዱ ኣስማቶም እንተዝጥቀስ ነይሩ ንዓኣቶም ሞራልን ኒሕን ምኾኖም ነቶም ነቲ ታሪኽ ብኣካል እንፈልጥ ከኣ ብዝያዳ መዕገበና።

ቀደም ብቆልዑትና ከለና ዝሕየኽ ብዕሪር ምእንቲ ክህልወና ብማለት ንኦም ዳዕሮ ሓንጢጥና ድልየትና ነርዊ ነበርና። ድሕሪ ገለ ዓመታት ተመሊስና ነታ ኦም ዳዕሮ ምስ እንምልከታ እቲ ቀደም ዝሓንጠጥናዮ ምስቲ ግዝፊ ዕብየት ናይታ ኦም ዓብዩን ገዚፉን ይጸንሓናሞ ብዙሕ ንግረም ነበርና። ብተመሳሳሊ ከኣ ብኣዝዩ ንእሽቶ ዓቕምን ክእለትን ምስ ዝተፈላለየ ተጻብኦታቱን መሰናኽልን ዝተመስረተ ቤት ትምህርቲ ከምዚ ኢሉ ዓብዩን ሰፊሑን ንቡዙሓት ተመሃሮ ስነ ፍልጠት ትምህርቲ ከቕስምን ከዐንግልን ብምብቅዑ ኣማን ብኣማን ዮሃና ዘብል ኢዩ። ንወገን ኃይማኖትን ዓሌትን ከይፈለየ ንኹሉ ብሓደ ዓይኒ ዝርእን ጠርኒፉ ዘሳትፍን በዓል መቕነት ጽንዓት ሰብኣውን

መንፈሳውን ተልእኾ ኢዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ዘወትር ኣይክፍለዮን ኢዩ። ኣብ ከተማ ከሰላ ብሰብ ቅያን ታሪኻውያንን ብጾትና ኣብ መጨረሽታ ሰብዓታት ተመስሪቱን ተመሓዲሩን ብሓገዝ ዩኔስኮ ዝእለ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዘፍረዮም ሎሚ ኣብ ክብ ዝበለ ደረጃ ዝበጽሑ ብዙሓት ሊቃውንቲ ከም ዝወነንና ኣይንስሕቶን ንኸውን። እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ እውን ካብኡ ስለዘይፍለ ዓቢ ተስፉን ትጽቢትን ይግበረሉ።

ኣብ መጨረሽታ ንስደተኛታት ቤተሰበይ ኣብ ምርዳእ ብተደጋጋሚ ዝተሓባበሩኒ ኣማሓዳሪ ኣብያተ ትምህርትታት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ከሰላ ኣባ ገብራይ ብኢደማርያምን ንኹሎም መማህራንን ከምኡ`ውን ነዚ ቅዱስን ሰናይን ተበግሶ ዝተሓባበሩ ብመላኦም ክብርን ምሥጋናን ይብጻሕኩም። ኩሉ ኤርትራዊ ብህዝቡን ሃገሩን ዝሓሊ ከኣ በብዝዓቕሙ ንኽሕግዝ በዚ ኣጋጣሚ ጻውዒተይ የመሓላልፍ።

ሰላም ዎ ሰናይ !

ኣንገሆም ገ/ዮውሓንስ
ጀርመን